# ሰንበት ዘጰራቅሊጦስ

## ግንቦት 23 2018 ዓ.ም. (5/31/2026)

**ጰራቅሊጦስሀ እፌኑ ለክሙ ዘኢይክል ዓለም ነሢኦቶ መንፈሰ ጽድቅ ጰራቅሊጦስ**



**መዝሙር፡ ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሓሰይ ምድር... ሎሚ ኣብ ሰማያት ዐቢይ ታሕጓስ ኮይኑ እዩ፥ምድሪ ከአ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ፋሲካ ትገብር ኣላ፥ ትንሣኤኡ ኣብ ሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ፥ ኣብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት ኣባረሮ ይብል።**

**ንባባት፡ሮሜ 8፡817፥ 1ዮሓ. 2፡20-ፍ፥ ግ.ሓ. 2፡1-11፥ ዮሓ. 14፡ 15-26።**

**ስብከት፡**

**1.ወመንፈስከ ቅዱስ ኢታውጽእ እም ላዕሌየ እስየኒ ፍሥሓ ወአድኅኖተከ ወመንፈሰ ዓዚዝ አጽንዓኒ” “ቅዱስ መንፈስካውን ኣይተግድፈኒ፥ ሓጎስ መድኅንካ ምለሰለይ፥ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ” መዝ. 51፡11~12.**

**2.“ዛቲ ዕለት እንተ ገብረ እግዚአብሔር፥ ንትፈሳህ ወንትሓሰይ ባቲ፥ ኦእግዚኦ አድኅንሶ” “እታ እግዚአብሔር ዝገበራ መዓልቲ እዚኣ እያ፥ ብእኣ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን፥ ኦእግዚኦ ኣዓውተና” መዝ. 118፡24**

**ብዓለ ጰራቅሊጦስ ዝዓበየ ጥርዚ ብዓለ ትንሣኤ እዩ። ጰራቅሊጦስ ማለት “ብዓል ሓምሳ” ድሕሪ ፋሲካ ኣይሁድ ዝብዓል እዩ እዚ ኸኣ ኣይሁድ ኣብ ደብረ ሲና እግዚኣብሔር ንሙሴ ሕጊ ዝሃቦ ዘኪሮም ዘብዕልዎ፥ ምስ ኣምላኽን ኣብ ነነድሕዶምን ህዝቢ ኣምላኽ ኮይኖም ክነብሩ ኪዳን ዝኣተውዎ ብዓል ዘኪሮም ዘብዕልዎ እዩ። ኣምላኽ ዓሰርተ ትእዛዛት ሂብዎም ከመይ ኢሎም ህዝቢ ኣምላኽ ከምዝኾኑ መታን ክሕግዞም ምኽንያቱ ህዝቢ ኣምላኽ ምዃን ማለት ምስ ኣምላኽን ኣብ ነነድሕድካን ርክብ ገርካ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ምኻድ ማለት እዩ።**

**ደቂ ሰብ ነቲ ኣምላኽ ዝብለና ሓዲግና ብናትና ድለትን ተበግሶን ጥራሕ ክንመርሕ እንተ ጀመርና ኣብ ጸገም ኢና እንኣቱ፥ ናይ እዚ ኣብነት ዝኾነና ህንጻ ግንቢ ባቢሎን ኣብ ዝፍጥረት 11 እነንብቦ ደቂ ሰብ ሰማይ ጠቀስ ክሃንጹ ዝወሰኑሉ በዚ ኣቢሎም ከኣ ምስ ኣምላኽ ከምድላዮም ክራኸቡ፥ ንኣምላኽ ከኣ ከምድላዮም ኣብቲ ዝደልይዎ ክሰምር ዝሓሰቡሉ እዩ። እንተ ኾነ ኣብ መንጎ ኣምላኽ ኣብ ነነድሕዶም ከምዘይረዳድኡ ገርዎም ሽዑ መደባቶም ክገብሩ ኣይ ከኣሉን። ዝተፈላለየ ቋንቋታት ክዛረቡ ጀሚሮም ስለዚ ምርድዳእ ኀዲልዎም በዚ ኸኣ ብሓባር ክሰርሑ ኣይተኻእለን።**

**እዚ ናይ ባቢሎን ታሪኽ ምስቲ ኣብ ብዓል ጰራቅሊጦስ ዝኾነ ዝመሳሰል ኣለዎ እንተኾነ ብኣንጻሩ እዩ። ኣብ ጰራቅሊጦስ ሰባት ተረዳዲኦም ኣብ መንግኦም ሓደ ርድኢት ተፈጢሩ፥ ኣምላኽ ባዕሉ ነቲ ሓድነት ፈጢርዎ ኣብ ባቢሎን ግን ፈላልይዎም። ባቢሎን ሰባት እዮም ጀመርቱ ጰራቅሊጦስ ግን ኣምላኽ ባዕሉ እዩ ጀማሪኡ።**

**ነዚ መሰረት ገርና ኢና ሰንበት ጰራቅሊጦስ ዘኪርና ነብዕል ዘሎና። ሎሚ ሳልሳይ ኣካል ቅድስት ስላሴ ኣብ መንጎና ኃዲሩ ንእና ንደቂ ሰብ ክመርሕን ክሕግዝን ብዕሊ ዝተራእየላ ፍልይቲ ዕለት ልደትና እያ።**

ከም ማሕበር ክርስቶስ በዛ ቅድስት ዕለት ኢና ጀሚርና ስለዚ ሎሚ በዓልና እውን እዩ። ደቂ ሰብ ሓደ አብ ሕይወትና ብዝልዓለ እንዝክሮ ዕለተ ልደትና እዩ እዚ ኸአ ናይ ሓጎስ ብዓል ገርና ስለ እንዝክሮ እዩ። ብዓልና ብፍሉይ ሓጎስ ክነብዕሎ ከሎና ክልተ ምኽንያት አሎና፥ 1. ጴራቅሊጦስ እቲ መጸናንዒ አብ ልዕሊ ሓዋርያት ዝወረደሉ እናዘከርና ናባና እውን ከም ዝወርድ ንዝክር። ኩሎም ምስጢራት ክንቅበል እንከሎና ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኢና እንቕበሎም። ኩሉ ሰናይ እንገብሮ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ አባና ክሓድር እንከሎ እዩ።

2. ልደት አደና ዝኾነት ቅድስት ቤተክርስትያን እዩ። መዓልቲ ጳራቅሊጦስ ብዕሊ ቤተ ክርስትያን ብመንፈስ ቅዱስ ተወሊዳ ነቲ መምህራ ዝኾነ ክርስቶስ ብዕሊ ክትሰብኮን ክ ት ም ስ ክ ሮ ን ዝጀመረትሉ ፍሉይ ዕለት እዩ፥ ስለዚ ብሩኽ ልደት እንተ ተበሃልና ግቡእ እዩ። ብዓል ዘብዕል ትርጉምን ዕሞቕን ዘብዕሎ ዘሎ ምስተረድአ ፍሉይ ትርጉም አብ ሕይወቱ የርኢ ሎሚ ብዓልና ናይ ብሓቂ ብዓል ክኾነልና አብ ልብና መን ኃዲሩ ይመርሓና አሎ ሕይወትና ንመን ይምስክር ርክባትና ብኸመይ ይርአዩ ሰባት አባና ፍቕሪ ምሕረትን ሰላምንዶ ይርእዩ እናበልና ንርእስና እንተ ሓተትና ብዓልና ነብዕሎ አሎና ክንብል ንኽእል።

አብ መዝገብ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ቍ 689 ከም ዝገልጾ “እቲ አቦ አብ ልባትና ዘፍስሶ መንፈስ ወዱ ንሱ ብሓቂ አምላኽ እዩ (ገላ 4፡6)። ምስ አቦን ምስ ወልድን ሓደ ህላዌ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ አብ ናይ ሥላሴ ውሳጤ ሕይወት ኮነ፥ አብቲ ንዓለም ዝጽግዎ ህያብ ፍቕሪ ካብኦም (ካብ አብን ወልድን) ፈጺሙ ዘይንጸል እዩ። ነቲ ውሃብ ሕይወት ሓደ ህላዌን ዘይከፋፈልን ሥላሴ አብ እትምልኹሉ ቤተ ክርስትያን አብ ናይ አካላት ፍልየት ዘለዋ እምነት ትገልጽ። አቦ ንወልድ ክልእኽ ከሎ ከአ ወትሩ ነቲ ትንፋሱ ይልእኽ እዩ። አብዚ ድሙር ወይ ስሙር ኪብሃል ዚከአል ተልእኮኦም ወልድን መንፈስ ቅዱስን ፍሉያት ከንሶም ዘይነጻጸሉ እዮም። ርግጽ ንምዃን ናይ እቲ ዘይርአ አምላኽ ርኡይ ምስሉ ዝኾነ እቲ ዚረአ ክርስቶስ እዩ፥ እቲ ነአኡ ዚገልጾ ግን መንፈስ ቅዱስ እዩ”።

መንፈስ ቅዱስ ናይ ኩሉ እምነትና መሰረት ስለ ዝኾነ ንአኡ እንተ ዘይኮይኑ ነቲ አብ አምላኽ ዘሎ ሓደኳ ዚፈልጦ የልቦን (1ቆሮ 2፡11)። እዚ ንእግዚአብሔር ዚገልጾ መንፈስ አምላኽ እምበአር ንክርስቶስ ነቲ ቃሉ ነቲ ሕያው ንባቡ የፍልጠና። እቲ ብነብያት ገሩ ዝተዛረበ መንፈስ ንቃል እግዚአብሔር አቦ ከም ንሰምዕ ይገብረና ነቲ መንፈስ ብቐንዱ ግን አይንሰምዖን ኢና። በቲ ንቃል አምላኽ ዚገልጸልና ንአና እውን ብእምነት ንምቕባሉ ዜኽእለና ምንቅስቓሱ ኢና ክንፈልጦ እንኽእል። እዚ እዩ መሰረታዊ እምነትና ንመንፈስ ቅዱስ ብዝርኢ። አብዚ መሰረት ገርና ኢና ብዓልና ክንርድኦ ዘሎና።

ትንሣኤ ብዓል ብርሃን ንብሎ ምኽንያቱ ሓዲስ ሕይወትን ርክብን ምስ አምላኽ ብትንሣኤ ክርስቶስ ስለ ዝጀመረ፥ ትንሣኤ ክርስቶስ ንሞት ስዒሩ ንጸልማት ቐንጢጡ ደቂ ብርሃን ዝገበረና ፍሉይ ምስጢርን ክብርን ዘልኦ እዩ። ብዓለ ጰራቅሊጦስ ክነብዕል ከሎና ዘዘኻክረና መንፈስ ቅዱስ ፍሉይ ህያብ ነቲ ክርስቶስ ዝገበረልና ዘስተምሃረናን አብ ጉዕዞ ሕይወትና ክንስዕቦን ክንሰብኮን ክሕግዘና ብፍሉይ ዝተዋህበና እዩ። በዚ ሓዲስ ኪዳን ምስ አምላኽ ጀሚርና ቤተ ክርስትያን ከአ ብዕሊ አብ ዓለም ተወሊዳ ተልእኮአ ዝጀመረትሉ እዩ።

ግ.ሓ. መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕሊ ሓዋርያት ከም ዝወረደ እና ገለጸ ኃይሊ አምላኽ ምስኡ ከም ዝወረደ አተሓሒዙ ይነግረና። ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ዝዛረቡ ዝነበሩ አብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ መጺኦም ዝነበሩ ነጋድያን ነቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝሰብኮ ዝነበረ ኩሎም ብሓደ ብምርድኦም ሓደ ካብቲ መግለጺ መንፈስ ቅዱስ አብ ቤተ ክርስትያን ከም ዝዓዪ ዘሎ ዝገልጽ ተአምራት እዩ። አብ ባቢሎን ዝተፈላለየ ቋንቋ ስለ ዝተዛረቡ ክረዳድኡ አይ ተኻእለን በዚ ኸአ ሓድነት ተሳኢኑ፥ አብ መዓልቲ ጰራቅሊጦስ ግን ኵሎም በብቋንቁኦም ክሰምዕዎም ስለ ዝኸአሉ አብ ሓደ ርድኢት በጺሖም፥ እዚ ንጹር መግለጺ ተልእኮ ናይ

እታ ኵላዊት ቤተ ክርስትያን ዝነግር እዩ። ቤተ ክርስትያን ናይ ኵሎም ደቂ ሰብ መንጪ ሓድነት ኮይና ነቲ ክርስቶስ ዝሃባ ተልእኮ ኣብ ሕብረተ ሰብ ዓለም ክትነግሮን ክትሰብኮን ከም ዘልአ ዝሕብር እዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ ዘዘኻኽረና ኣብ ናይ ሎሚ መልእኽቱ በቲ ዘሎና ተመክሮ ዘይድምሰስ ምልክት ጰራቅሊጦስ ኣብ ግንባርና ከምዘሎና ዘኪርና ብቅድስና ሕይወትና ክንመርሕ ይነግረና። ንመልእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ክነብጽሕ ዝተሓረና ኢና። ንተልእኮና ሕይወት ዝህቦን ዝመርሖን ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ስለዚ በዚ ሎሚ ኣብ ልዕለና ዝፈስስ ዘሎ ናይ መንፈስ ቅዱስ ጸጋ ብሓቅን ብምልኡን ደቂ ኣምላኽ ምዃና ዘይሃስስ ምልክት ተዋሂቡና ኣሎ። ወላእኳ ምውላድና ብጸጋ ደቂ ኣምላኽ እንተ ኾና ወርስቲ መንግስቲ ኣምላኽ ኢና። ኣምላኽ ብገዛእ ፍቓዱ ወረስቲ መንግስተ ሰማይ ናይ ምዃን መሰል ሂቡና እዚ ኸአ ነቲ ሓደ ወዱ ከማና ገሩ ምእንታና ኣብ ዕጸ መስቀል ምስ ሞተ ዕርቡን ድሕነት ከፈሉ ናቱ ገሩና።

ናይ ሎሚ ወንጌል ቀንዲ ተራ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወትና የዘኻኽረና። እዚ ከአ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡ ጠበቓ ምዃን፥ ምምሃር፥ ክንፈልጦ ንዘሎና ነገራት ምዝኽኻር። እዚ ኣብ ተግባር ክውዕል ምስኡ ክንተሓባበር ስንድዋት ከም ዝኾና ገሊጽና ክንክእል ኣሎና። ጠበቓና ዝኸውን እንተ ኣመናዮን ናይ ኩሉ ነገራትና ሓላፍነት እንተ ሃብናዮን ጥራሕ እዩ። ዝምህረና ንምኽሩ ክንሰምዕ ፍቓደኛታት እንተ ኾና እዩ። ዘዘኻኽረን ነቲ ክንፈልጦ ዝግብኣና ክንፈልጥ ብትሕትናን ብምሉእ ድለትን ኩሉ ጊዜ እንተ ቐረብናዮ ጥራሕ እዩ። “ኦ መንፈስ ቅዱስ ኣምላኸይ ሓግዘኒ ምኽንያቱ ብዙኅ ነገራት ክፈልጦን ክርድኦን ይጽግመኒ ኣሎ፥ ንሓቅን ጽድቅን ክርዳእን ኣብ ግብሪ ከውዕልን ንዓይኒ ሕልናይ ኣብርሃለይ” ንበሎ።

መንፈስ ቅዱስ ክንቅበል እንከሎና ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ ዝግብኣና ነገራት ኣሎ። ፩ያ እቲ እንቕበሎ መንፈስ ቅዱስ ናይ ፍርኅን ስንባደን መንፈስ ኣይ ኮነን እንታይድአ ዘበራትዕን ውሉድ ኣምላኽ ዝገብረናን እዩ። በዚ ምኽንያት ከአ እቲ ኣቦ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውሉድነት ተቐቢልና።

መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበልናዮ ጽቡቕን ነባርን ፍረ መታን ክንፈሪ እዩ (ገላ 5፡22) እዚ ኸአ ፍቕሪ፥ ሓጎስ፥ ሰላም፥ ትዕግስቲ፥ ልግሲ፥ ሕያውነት፥ እሙን ምዃን፥ ለውሃት ርእስኻ ምግታእ እዩ”። ውህበት መንፈስ ቅዱስ ዝውሃበና ንኻልኦት ክንሕግዝን ምእንቲ ከነበራትዕን እዩ። ከምኡ ኣብ መንግስቲ ሓቂን ሰላምን መታን ክመርሓናን ኣብ ምልኣት ሕይወት ክንበጽሕ ምእንቲ እዩ። ሎሚ እምብኣር በዚ ኣምላኽ ዝገልጸልና ዘሎ ኣገራሚ ነገራት እና ኣመስገና ኣብቲ ዘይሃስስ ፍቕሪ ኣምላኽ ጸኒዕና ምእንቲ ክነብር ንለምኖ።

ኣብ መውደእታ ርሑስ ብዓል ለደት ናይ እታ ሓንትን ቅድስትን ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት ቤተ ክርስትያን። ኣብ ኵሉ ዓለም እንርከብ ምእመናን ርሑስ ልደት። መንፈስ ቅዱስ ከአ ኩሉ ጊዜ መራሒና ኾይኑ ዝነብር ይግበረና። ንቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ኣደና ንዘለዓለም ብሰላም የንብረልና።

ብሩኽ ብዓል ጰራቅሊጦስ ገሩ ሰላሙን ምሕረቱን ኣብ መላእ ዓለምን ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና የውርድ።

ብሩኽ ብዓል ንኹልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ